# <u>*ስውር መንደቕ*</u>

(ብፀጋይ ሓድሽ....መቐለ)

ስውር....መንደኽ

ኣንታ ዘይትርአ ዘትድህሰስ

መኸሱራ መደንዘዝ

ከይሓልፍ ትነፅሐኒ

እኾነኒ....እኾነኒ

ዕደመ ጎበዝ ኮይኑኒ

ፍረስ እማ ኣሕልፈኒ?

ስግር ዛላምበሳ ሓው ኣለኒ

ሓፍቲ ኣላትኒ

ናፊቐዮም ናፊቖሙኒ፣

ስውር....መንደኽ

ኣንታ ዘይትርአ ዘትድህሰስ

ፀላኢ ሰላም

ፈታዊ ፀላም

ከይሓልፍ ትነፅሐኒ

እኾነካ ኣሐልፈኒ

ስግር መረብ ሰብ ኣለኒ፣

ብሕልምስ ወርትግ ምሳይ

ብኣካል ክሪኦ ኸሳይ፣

ዕኖ እማ ስውር መንደኞ

ምስ ማይ ማዕዶ ክንጣየኞ፣

ስውር.....መንደኞ

ኣንታ ዘይትርአ ዘትድህሰስ

ደም ሰረቱ

ቂም ኮረቱ

ኣሕልፈኒ'ማ በቃ

ስኒተይ ክሞቓ፣

መረብ ጉደል እማ ኣሕልፈኒ

ኣሕዋት ኣለውኒ

ኣዒንቶም ኣሪኤኒ፣

ስውር.....መንደኞ

ኣንታ ዘይትርአ ዘትድህሰስ

ስሉብ ዕኑድ

መኻን ዘይትወልድ

ኣሕልፈኒ'ማ ውራይ ኣለኒ

ምስ ዓንሰባ ሎጎጭዋ፣ካርነሽም

ኣሓተይ

ጓይላ ቃሕ ኢሉኒ፣

ስውር.....መንደኛ

ኣንታ ዘይትርአ ዘትድህሰስ

ፅሞና ስንቁ

ሰሓኞ ብርቁ

ክላ'ማ ኣይትኸውለኒ

ጋብር ደርዓንቶ ደብረ ቢዘን

መፅብዓ ኣለኒ፣

ማርያም ደዓሪት ኣሳልመኒ

መስጊድ ጃሚዕ ኣስግደኒ፣

ኣስካላ ሓንካሳት ክድይብ

ሜዳ ላሳለ ቀሃስ ኩዕሶ ክኞብቅብ

ካቴድራለ ኮምፒስታቶ ክዛወር

ክድንስ ኒያላ ሆቴል ካራቨል፣

ገዛ ባንዳ ማይጭሆት

ጎዳይፍ ገጀረት

ቪላጆ ሓዝሓዝ

ቲራቮሎ ሰምበል

ኣባሻውል ዕዳጋ ዓርቢ

ክሪኦም ክነግዶም፣

ክመሃር ቤተ ጎ ሓላይ

በለኒ 'ክፈርስ'የ' ሕራይ፣

ፍንጫሕ መሰንገለይ ክመፁለይ

ፅዮን ማርያም ክስዕሙለይ

መስጊድ ነጋሽ ክሰግዱለይ

ኣብ ኣሸንዳና ክውዕሉለይ

ሁራ ሰለስተ ክዘሉለይ

ኣውርስ ጓዳ ክሕምብጡለይ፣

ጥሕሎ ከውድቐሎም

ግዕዝም ክጠብሰሎም

ሕልበት ክወቕዐሎም

ሕብሽቲ ክቐርሰሎም

ጠጂ ፅራይ ከቕርበሎም

ኣሕልፈኒ ስውር መንደቕ

መንገኛና ኣንታ ደረቕ፣

ኣንቱም ደቂ ኣክሱም መጠራ

ይሓ ኣዱሊስ

ማይ ኣድራሻ ዓዲ ተኽላይ

ኣይንኹን እንዶ ዛህላይ?

ደቂ  ኣላማጣ ተሰነይ

ራያ ዓላ

ሽረ ዓዲኺላ

ንግበርʼባ ዓላ፣

ደቂ ማይጨው ባረንቱ

መኾኒ ኣቑርደት

ዓብዪ ዓዲ ከረን

ካን ከምዚ ክንኮን?

ዉቕሮ ደቀምሓረ

መቐለ ኣስመራ

ዓድዋ መንደፈራ

ዘትያʼባ ምኽራ?

ዓዲግራት ዓዲቐይሕ

ሽራሮ ዒላበርዕድ

ዓጋመ ኣከለ

በላንʼዶ ‘ኣኽለ’፣

ሰብ ሑመራ ባፅዕ

ተምቤን ሰራየ

ሰብ ሓሸንገ ማሳዋ

ይዓሪ እንዶ እቲ ፅዋ፣

ባዳ ደንከልያ

ጥንታዊት ቃልና እዚኣ ድያ?

ምብራኽ ምዕራብ ጀርመን

ኢለን ዕርያ

የምሕረልና’ዶ ምኽን

ሰሜንን ደቡብን ኮርያ?፣

ሰመራ ዓሰብ

እገላ ዖሮና

ሕለትኩኺ ተኾምብያ

ኤርትራ ወ ኢትዮጵያ

ሓንቲ መንደድናስ መን ጨወያ?

እሞሲ ኣንታ ስዉር መንደኽ

ዘይትርአ ዘይትድህሰስ

መፍቶትካ ሕቖን ከብድን

ፀላኢ ኢድን ጓንትን፣

ፍረስ’ማ ፍረስ

ምኽኽ ፍሰስ፣

ኣሕዋተይ ክረኽቦም

ኣለኒ ዘውግዖም፣

ስውር መንደኽ

ምኽኽ’ማ ሕቖኽ

ተምሖ ተበርቆኽ

ምኽን ካዲሕን ነጋሽን ኣፅሊኡኒ

ክላ'ማ ደቂ ባሕረ ነጋሽ ኣሪኤኒ፣

///

(ብምኽንያት ሰነ 3/2010 ዓ.ም ኣብ ከተማ መቐለ ንሰላማዊ ርክብ ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣመልኪቱ ዝተዳለወ ዋዕላ ዝተፅሓፈ)